Svenska Barnhälsovårdsregistret

# ሓበሬታ ብዛዕባ መዝገብ ክንክን ጥዕና ህጻናት ሽወደን

ብዛዕባ ህጻናት ሓበሬታ ንእክብ ኢና ። ንሱ ድማ ክንክን ጥዕና ህጻናት ንምምዕባል ይሕግዘና እዩ።

እቲ ሓበሬታ ኣብ BHVQ ዝበሃል መዝገብ'ዩ ዚቐመጥ። እቲ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ”ማእከል ክንክን-ጥዕና ሕጻናት” (BVC) ዚግበሩ ምብጻሕን መርመራታትን ኮይኑ፥ ክንክን ጥዕና ህጻናት ዝሓሸ ንምግባር ዝውዕል ሓበሬታ እዩ። ኩሎም ቆልዑን ወለድን ጽቡቕ ሓገዝን ደገፍን ክረኽቡ ኣለዎም።

ኣብ መዝገብ ክትህሉ እንተ ዘይደሊኻ፡ ምስታ ኣብ ”ማእከል ክንክን-ጥዕና ሕጻናት” (BVC) እትርከብ ነርስ ተዘራረብ።

እቲ ብዛዕባኻ ዘሎ ሓበሬታ ምስጢራዊ ስለ ዝኾነ ንምምዕባልን ምርምርን ጥራይ ዚውዕል ኮይኑ፥ እቶም ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ጥራይ እዮም ክርእይዎ ዚኽእሉ።

ከም ወላዲ/ት መጠን ውላድካ ኣብዚ ናይ ምዕባለ መዝገብ'ዚ ምስ ዝኣቱ መሰል ኣሎካ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዝያዳ ኣብ www.kvalitetsregister.se ኣንብብ ወይ ውን ብቐጥታ ምስ ምምሕዳር መዝገብ ርክብ ግበሩ።

ኤ-ፖስት፡- registerhallare@bhvq.se
ኣድራሻ ኢንተርነት፡- www.bhvq.se